# መርሆ

01 ታሕሳስ 2009 1ይ ዓመት 2009 ቁ.12

## ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፓጋንዳን
## ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝዳሎ ወርሓዊ ጋዜጣ

ብባህርን ምስልን ንክልተ ግን ከኣ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኩነት ክጣመሩ ንዝግብኦም ባእታታት ብማዕረ ዝውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል'ዩ።

ካብ ድቕድቕ ጸላም፣ ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ'ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ'ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ባብ'ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይ'ቲ ኣደራዕ ብምዃኑ፡ እቲ ባብ መርሆ'ዩ።

ናብ'ቲ ክትበጽሖ እትብህጎ ባብ፣ ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት፣ ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት'ዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ። እዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ መንገዲ ዓወት'ዩ። ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቕልስ ከኣ መርሆ'ዩ።

መርሆ ወርሓዊዊት ጋዜጣ፡ ኣብ ኣገደስቲ ፍጻሜታት፣ ኣብ እዋናዊ ዛዕባታት፡ ፖለቲካዊ መርገጻት ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝቃልሓላ፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺ እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝካይድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኣ ንክተበርክት ዝተሰለፈት፡ መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና'ያ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ፕሮፓጋንዳን

ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

ሰደግኤ

**ትሕዝቶ……………………………………………………………ገጽ፣**

**ርእሰ-ዓንቀጽ፣-**


- ተሞኩሮና መምሃሪ ይኹን፣………………………………………………..….2
- ኮንፈረንስ ብራስለስ ዘመሓላልፎ መልእኽትን……………………..………3
- ህልው መድረኽ፣ ንፖሎቲካዊ ስብእናታቱን ክብርታቱን፣ ዝጣበቕ'ምበር ምጽወታ ኣይጸውርን'ዩ፣……………………………..……….4


**ዓምዲ ደብዳቤታት፣-**


- ካባይ ተማሃሩ…………………………………………………………..…..7


e-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

## ርእሰ ዓንቀጽ፡-

# ተሞኩሮና መምሃሪና ይኹን!

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ተጋድሎና፡ ሜዳ ኤርትራ ንበይኑ ብሒቱ ንምሓዝ ዝተፈላለዩ ስልቲታት ከምዝተጠቐመ ኣንዳዕዲዕና ንፈልጦ እዩ። ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ደምሲሱ ቤተ- መንግስቲ ኣስመራ ንበይኑ ምስ ተቖጻጸረ’ውን ሓይሉ ክሳብ ዘደልድል፡ ዝተፈላለዩ መብጻዓታትን መደናገሪ ስልቲታትን ተጠቒሙ እዩ። ሎሚ’ውን ውሽጣዊ ሓድነት ሓይሊ ተቓወምቲ ውድባት ብምድኻም፡ ነድርን ሕራነን ህዝብታትና ንምቕታል ዘይፍሕሶም ውዲታት የለዉን።

ፋሽስታዊ ስርዓተ ኣገዛዝኣ ኢሳይያስ ዘሰከሖም ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ተማሃሮ፣ ሰራሕተኛታትን ወታሃደራትን ሃገሮም ራሕሪሖም ናብ ፈቐዶ ጎረባብቲ ሃገራትን ርሑቓት ዝማዕበላ ሃገራትን ብቓፍላያት ይስደዱ ኣሎዉ። መንቀሊ’ዚ ኣዝዩ መሪር ወጽዓን ሕሰምን፡ ፖሎቲካዊ ዓፈና ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምዃኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኮለል ዝበለ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ነዚ ዘይሕባእ ሓቂ’ዚ፡ ተቓወምቲ ውድባት ብግቡእ መዘሚዞም ኣብ መዓላ ለውጢ ከውዕሉዎ ስለዘይከኣሉ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ረብሓኡ ዘውዕለሉ ስልትታት ኣዋዲዱ ብሰፊሑ ወፊሩሉ ይርከብ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዕሱባት መሳርሒ ዝኾኑ ወዲኒታትን ሰለልትን ደድሕሪ ሰደተኛታት እናሰዓበ፡ ጉዳዮም ፖሎቲካዊ ትሕዝቶ ከይህልዎን፡ ተመሊሶም መሳርሒኡ ክገብሮምን ብኹሉ መልክዓት ይንቀሳቐስ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ መጻወድያኡ ዘእተዎምን፡ ቀንዲ ንከርፋሕ ስደት ዘብቅየም፡ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ ምዃኑ ብድፍረት ምግላጽ ስኢኖም፡ ክለማመጹን ርእሶም ዘድነኑን ዝኾኑ ስዱዳት ቁጽሮም እናበርከተ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ተርእዮ’ዚ ኢሉ ኢሉ፡ ንስደተኛታት ኤርትራውያን፡ መንቀሊ ስደቶም ፖሎቲካዊ ትሕዝቶኡ ዘህስስ ሓደገኛ ኣንፈት ብምዃኑ ኣትኩሮት ክወሃቦ ዘለዎ እዩ ንብል።

ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና፡ ቃልሱ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምሕያል ጻዕርታት ካብ ምክያድ ቦኺሩ ዝበሃል ኣይኮነን። ኣብ ህዝብታትና ይኹን ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ተቐባልነቱ ከዕዝዝ ካብ ምዕላምን ፈተነታት ካብ ምክያድን’ውን ኣይቦኸረን። ብርግጽ ማእከል ዓውዲ መቃለሲኡ ውሽጢ ሃገር ዘይምዃኑን ዝኽተሎ ኣገባብ ቃልሲ ገና ንጹርነት ዝጎደሎ ብምዃኑ፡ ቀልቢ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ክስሕብ ብዘይምብቅዑ፡ ግቡእ ሚዛን ክረክብ ኣይበቕዐን።

ሓይሊ ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ሞንጉኡ ዘለዉ ፖሎቲካዊ ፍልልያት ከም ውሁባት ወሲዱ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝብን ማሕበረሰብ ዓለምን ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ዝወዳደረሉ፡ ኣብ ዘራኽቡዎ ሓባራዊ ዕላማታት ድማ ብመንፈስ ምክብባርን ምትእምማንን ናይ ምቅላስ ባህሊ ኣየማዕበለን ዘሎ። ዘሎናዮ መድረኽ ንቕሓት ህዝብታትና ብምምዕባል ደገፍ ሓፋሽ ህዝብታትና ብምኽሳብ፡ ፖሎቲካዊ እምነታትና ንምዕዋት ዘገድድ እናሃለወ፡ ካብ ሕሉፍ ብረታዊ ቃልስና ዝተወርሰ ድሑር ናይ ውድድር መንፈሳት ገና ኣይተወገደን ዘሎ። ሓይልታት ተቓውሞ ብመንጽር ዕላማታቶም ዝኽተሉዎ ናይ ቃልሲ ስልቲ ነናይ በይኖም መድረኻት፡ ኣብ ሓባራዊ ዕላማታቶም ድማ ብሓደ ዝዋስኡሉ ናይ ሓባር መድረኻት ከምዘለዎም ብምእማን ብቕንዕናን ብግልጽነትን ኣብ ምውሳእ ገና ዘይተሰገረ ድሕረት ብምህላዉ፡ ካብ ቀንዲ ዛዕባ ብምውጻእ ናብ ሕድሕድ ሓሽውየ ዘእቱ ግጉይ ኣከያይዳታት ኣይተሰገረን። ኮንፈረንስ ብራስለስን ናይ ኣሰታትፋ ረቛሒታቱን ንዝምልከቶም ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንሓይልታት ተቓውሞን ሲቪክ ማሕበራትን ድማ ብፍላይ ብቕንዕናን ግልጽነት ክንዲ ምሕባር ምስጢራዊ ኣከያይዳ ስለዝተመርጸ፡ ሕድሕድ ምትእምማን ጎዲኡ ኣብ ምቑርቛስ ብምጽማድ ዓቕምታቱ ከህልኽ ከምዝቀነየ ኩላትና ዝተዓዘብና እዩ።

ኣብ ተሞኩሮ ብረታዊ ተጋድሎና ይኹን ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ዝግለጹ ንዲሞክራስያዊ ቃልስና ዝሃስዩ ተረኽቦታት ኣጋጢሞና እዮም። ክሳብ ሎሚ’ውን ተመሊሶም ንዲሞክራስያዊ ቃልስታትና ዝሃስዩ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ድማ ንግዝይኡ’ውን እንተኾኑ ዘሰውዱ፡ እኹል ተሞኩሮ ክንሓፍሰሎም ዝግባእና ዕንቃፋታት ኣጋጢሞሙናን የጋጥሙናን ኣሎዉ። ካብ’ዞም ናይ ባዕላትና ተሞኩሮታት፡ ብግቡእ

ክንመሃር እንተኽኢልና፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብቕልጡፍ ንምድምሳስ ዘኽእል ተወሳኺ ዓቕምታት ከምዝፈጥረልና ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዚ ተሞክሮና መምሃሪ ይኹን።

# ኮንፈረንስ ብራስለስን ዘመሓላልፎ መልእኽትን

ንኮንፈረንስ ብራስለስ፡ እቶም ቀንዲ ዋናታቱ ክገብሩዎ ዝኽእሉ ቅድመ ምድላዋት ብምስጢር ኣካይዶም ምስ ዛዘሙ፡ ኣብ ከባቢ ድሮ መኽፈቲኡ እዩ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ዝተፈለጠ። ዋዕላ ብራስለስ መዳለውቱን ዕዱማቱን መን እዮም ብዘየገድስ ክድህሰሶ ዝሓዞ ኣጀንዳ፡ ንኹሎም ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንኤርትራዊ ፖሎቲካዊ ተቓውሞ፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ ፖሎቲካዊ ጉጅለታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ-ሰባት ድማ ብፍላይ ዝምልከት ዛዕባ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እቲ ሓቂ ከም'ዚ እናሃለወ፡ ውሱናት ካብ ፖሎቲካዊ ተቓውሞ ውድባትን ካብ ሲቪክ ማሕበራት ኤርትራውያን ዓደምትን ተዓደምትን ኮይኖም ክዋስኡ ዝጸንሑ ኮይኖም፡ እቲ ኣብዝሓ ሓይሊ ተቓውሞን ሲቪክ ማሕበራትን ድማ ጋሻ፡ ዕድመ ዘይበጽሖን ብማዕዶ ተመልካቲ ክኸውን ከምዝተገበረ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ስለዝኾነ'ውን እዚ ኣንፈት'ዚን ኣገባብ ኣሰታትፋ ናብ ኮንፈረንስ ብምምልካት ብዝተፈላለዩ ሲቪክ ማሕበራት፡ ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ብቐንዱ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ዘለዎም ቅሬታታትን ስክፍታታትን ብቕሉዕ ከቓልሑ ቀንዮም እዮም። ምኽንያቱ ዋናታት ናይ'ዚ ዋዕላን መዳለውትን ዝኾኑ፡ ከም ናይ ኣውሮጳ ወጻኢ ጉዳያት ኣማኻሪ ጉጅለ(EEPA) ምስኡ ተኣሳሲሩ ክነጥፍ ዝጸንሐ ብኤርትራውያን ዝቖመ ሓይሊ ዕማምን (Task force)፡ ኣብ'ቲ ዋዕላ ዝሳተፉ ወገናት ንምዕዳም ዝተጠቐሙሉ መዐቀኒታት(Criteria) ኣቐዲሞም ግልጽነት ብዘለዎን ብንጹርን ዘየደናግርን መንገዲ ንኹሉ ዝምልከቶ ኤርትራዊ ከቓልሑ ዘይምኽኣሎም እዩ። ኣብኡ ጥራሕ ከይተሓጸረ፡ ብወሃቢ ቃል ሓይሊ ዕማም (Task force) ፡ ነቲ ቀንዲ መዐቀኒ ናይ ተሳትፎ ዝኾነ ረቛሒ ኣድበስቢሱ፡ ኣብ ዘይመሰረታዊ ጉዳያት ሸንኮለል ምባል ስለዝመረጸ'ውን እዩ። ግን ድማ ንሓቂ ብርእሳ እንተጸቐጥካያ ብእግሪ ትወጽእ ስለዝኾነ፡ ኣብ መንጎ ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ሲቪክ ማሕበራት ኤርትራውያን ውልቀሰባትን ኣብ ዓውዲ ኢንተርኔት ክጠቓቕዑ ድሕሪ ምቕናይ፡ ዓዋተ. ኮም፡ ምስ ዳይረክተር ናይ ኣውሮጳ ወጻኢ ጉዳያት ኣማኻሪ ጉጅለ(EEPA) ዶክተር ቫን-ረይሰን ዝገበሮ ቃለ-መሕትት ጎሊሁ ወጺኡ ኣሎ።

ውድብና ሰደግኤ፡ ዋዕላ ብራስለስ ክካየድ ምዃኑን፡ ነዚ መድረኽ'ዚ ምስ ናይ ወጻኢ ትካል ተኣሳሲሮም ኣብ ምድላዉ ዝነጠፉ ወገናት ፖሎቲካዊ መንነቶምን፡ ክሳተፉ ዝተዓደሙ መራሕቲ ፖሎቲካዊ ተቓውሞ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሒዞሞ ዘለዉን፡ ብሰፊሑ ክዋስኡሉ ዝጸንሑ ናይ ቃልሲ ኣንፈትን እንታይ ምዃኑ ኣዐርዩ ስለዝርዳእ፡ ኣብ ተዋጽኦ መዳይ ብዙሕ ኣይተገረመን። ዕላማ ናይ'ዚ ዋዕላ'ዚ ኢሉ-ኢሉ ነቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ቃልስና ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራሕ ክኸውን ኣሎዎ፤ ዓመጽ ወይ ብረታዊ ቃልሲ፡ ካብ ዝሓለፈ ናይ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተሞኩሮና ዝተወረሰን መንፈስ ምንጽጻግን ዘይምክብባርን ዘጠጠዐ እዩ። ኣብ ምህናጽ ዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት'ዩ ብምባል እምነቱ ብቕሉዕ ከንጸባርቕ ዝጸንሐ ኣካላት ኪዳን ዝኾነ ሸነኽ ተቓውሞ፡ ጥጡሕ ዲፕሎማስያዊ ባይታ ንምፍጣርን፡ ቀልቢ ህዝብታት ኤርትራ ብፍሉይ ዝስሕበሉ ኩነታት ንምፍጣር ዝተዋደደ ምዃኑ ኣይተሰወሮን። ብርግጽ ከኣ በዚ መንገዲ'ዚ ዲፕሎማስያዊ ተሰማዕነት ኣጥርዩ፡ ቀልቢ ህዝብታት ኤርትራ ንምስሓብ ዝዓለመ ፖሎቲካዊ ውድብ፡ ከም'ዚ ዓይነት መድረኻት ክፈጥርን ካብኡ ድማ ፖሎቲካዊ ዓወታት ክሓፍስ ክቃለስ ይኽእል እዩ።፡ እቲ እንፈልጦ ቅዋም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን'ውን ዝኽልክሎ ከምዘይኮነ ኣረጋጊጽና እንግንዘቦ እዩ።

ውድብና ሰደግኤ፡ ኣጥቢቑ ዝግደሰሉን ክንሰግሮ ዘሎና ድሑር ናይ ውድድር ኣንፈት ምዃኑ ዝኣምነሉን ብዕቱብ ዝቃለሶን ጉዳይ ምህላዉ ግን ክነጽር ይደሊ። ኤርትራ ነጻ ልኣላዊት ሃገር ኮይና እያ፡። ሕቶና ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ዓሰስ-ገሰሱን ብምጉሓፍ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ናይ ምህናጽ ዕማም እዩ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ። ኣብ ሃገርና ሓቀኛ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ ዝካየድ ቃልሲ ድማ፡ ናይ ዝተፈላለዩ ውድባት ፖሎቲካዊ ኣማራጺታት ብቕሉዕ ኣብ ቅድሚ ህዝብታትና ቀሪቦም፡ ህዝብታትና ኣብ ንቕሓት ዝተመስረተ፡ ብግልጺ ይሕሸና ዝብሉዎ ፖሎቲካዊ ኣማራጽን ንዕኡ ዝተሓንገጠ ፖሎቲካዊ ውድብን ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዘምጽእሉ ኣንፈት ብምኽታል ጥራሕ እዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ብሕብእ ሕብኢተይ ናይ ሓፋሽ ንቕሓት ብምጉታም ኣቢልካ ክትግበር ዝድለ እንተኾይኑ፡ ውጽኢቱ ካብ'ቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተኸሊሉዎ ዘሎ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ዲሞክራስያውን ስርዓት፡ ብመልክዕ እምበር ብትሕዝቶ ዝፍለ ከምዘይኮነ ክነስምረሉ ንደሊ።

ኣብ ሃገርና ሓቀኛ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ ዝካየድ ቃልሲ ድማ፡ ብቐንዱ ብንቑሕ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ዝዕወት'ምበር፡ ብናይ ግዳም ሓይልታት ደገፍ ዝመጽእ ኣይኮነን። እዚ ማለትና ፈተውቲ ናይ ግዳም ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ ኣብ ነካይዶ ቃልሲ ብመንጽር ሃገራዊ ረብሓኦም ኣወንታዊ ተራ ኣይጻወቱን ማለት ኣይኮነን። ናይ ግዳም ሓይልታት ወይ ትካላት ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ዘለዎም ተራ ኣወንታዊ ዝኸውን ግን፡ ተሳትፎኦም ንህዝብታት ኤርትራ ቅሉዕን ንጹርን ብዝኾነ ኣገባብ ዝትግበር እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ። ካብ'ዚ ወጻኢ እንተኾይኑ፡ ንተራ ህዝብታትና ናይ ምጉሳይ ሓደጋ ስለ ዝህልዎ ኣብ ሓድነት ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ውሽጣዊ ምትእምማን ሓይሊ ተቓውሞን ሲቪክ ማሕበራትን ኣሉታዊ ተራ ከምዘስዕብን፡ ቃልስና ኣብ ክንዲ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢና ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘቕንዕ፡ ኣብ ባዕሉ እቲ ሓይሊ ተቓውሞ ናብ ሕድሕድ ምንጻይን ሓሸውየን ክኣቱ ምግባሩ ዘይተርፎ እዩ። እቲ ኣብ ባይታ ዝቕነየ ሓሸውየ ድማ ዋላ ኣዝዩ ውሱን ይኹን ናይ'ዚ ውጽኢት ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ውድብና ሰደግኤ ዋዕላ ብራስለስ ዝጥምቶ በዚ ዓይኒ'ዚ ምዃኑ ከስምረሉ ይደሊ።

ዋዕላ ብራስለስ ዘዳለወን ዝመወለን ናይ ግዳም ትካል፡ ይኹን ምስኡ ተኣሳሲሩ ኣብ ምስንዳእ ዝነጠፈ ኤርትራዊ ሓይሊ ዕማም (Task force) ዝዕድሞም ተሳተፍቲ፡ ብመንጽር ራኢኡን ከዐውቶ ዝደለየ ዕላማን ምኻኑ፡ ከም ገበን ዝቑጸር ጌርና ኣይንርእዮን። ኩሎም ሸነኻት እቲ ግዳማዊ ትካል(EEPA) ይኹን ኤርትራዊ ሓይሊ ዕማምን(Task-Force) ተዓደምቲ ሸነኻት ሓይሊ ተቓውሞን፡ ንኤርትራዊ ዛዕባ፡ ብመንጽር እቲ ንሳቶም ዝኽተሉዎ <u>ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ</u> ቃንዮም ዲፕሎማስያዊ ዓወታት ክሓፍስሉ፡ ብኡ ኣቢሎም ንህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ደቁን ክኸስቡ ምጽዓሮም መሰሎም እዩ። እቲ ኣዝዩ ነውሪ ዝኾውን፡ ምናልባት’ውን ንብዙሓት ተቓወምቲ ብሓፈሻ፡ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ደገፍቱ ዝኾና ሲቪካውያን ማሕበራትን ድማ ብፍላይ፡ ተገሊልና ብዝብል ስምዒት ኣብ ፖሎቲካዊ ሓሸውየ ጸሚዱ ዝቐነየ ጉዳይ፡ ዕላማን መዐቀኒ ኣሰታትፋን ናብ ኮንፈረንስ ብራስለስ፡ ከም ሕቡእ ምስጢር ምሓዝን ዘይግሉጽነትን መስርሕ ሸንኮለል ምምራጽን ዝወለዶ እዩ በሃልቲ ኢና። እዚ ከኣ እዩ፡ ነቲ ብመስርሕ ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ ውድድር ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ናይ ምብቃዕ ስልጡን ባህሊ ንምጥጣዕ ክነካይዶ ዝግባኣና ቃልሲ፡ ዝጎድእ ድሑር ኣከያይዳ እንብሎን ኣጥቢቕና ንቃለሶን።

ኣብ ላዕሊ ከምዝገለጽናዮን ድሒሩ ብዕሊ ከምዝተቓልዐን፡ ዓደምትን ተዓደምትን ዋዕላ ብራስለስ፡ ዝሰማምዑሉ መሰረታዊ ሓባራዊ ረቛሒ፡ ኣብ ኣገባብ ቃልሲ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ <u>ብሰላማዊ ኣገባብ ጥራሕ ክኸውን</u> ዝብል ሓባራዊ እምነት ስለዘለዎም እዩም። ከም’ዚ ዝመሰለ መድረኽ ድማ፡ ዘልዕሎ ናይ ህዝብን ሃገርን ኣጀንዳ ዋላ ይኹን፡ ብናታቶም መነጽር ዝግምግምዎ ስለዝኸውን ናይ በይኖም ዋዕላ ምግባሮም ዘገርም ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ የድምዕ ኣየድምዕ ብዘየገድስ መሰሎም ምኻኑ ጽኑዕ እምነት ውድብና እዩ። ድኹም ሸነኽ ናይ’ዚ መስርሕ፡ ኣብ ሓድነት ሓይሊ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ንውሽጣዊ ሓድነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ደገፍቱ ዝኾና ሲቪካውያን ማሕበራት ድማ ብፍላይ ናይ ምጉዳእ ሓደጋ ዝህልዎ፡ ብግልጽነትን ብእዉጅን ዝተጀመረ ብዘይምኻኑ እዩ። ስለዝኾነ’ውን ኣባላት ኤዲኪ ዝኾኑ ሰለስተ ናብ ሓድነት ዝሰጋገሩ ዘለዉ ውድባት፡ ኣብ’ዚ ንዐኦም ጥራሕ ዝብጸሖም ኮንፈረንስ ኣብ ምስታፍ ብግልጺ ነቲ ኣባሉ ዝኾኑሉ ጽላል ኤዲኪ ክንዲ ምንጻር፡ ኣካል እቲ ዝተኸታተልናዮ ሓሸውየ ኮይኖም ምቕናዮም ዘኸትሎ ሳዕቤን ብንጹር ክመሃሩሉ ይግባእ በሃልቲ ኢና። ዕላማን ናይ ኣሰታትፋ ረቛሒን ኮንፈረንስ ብራስለስ ኣቐዲሞም ንፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ኤዲኪ እንተዘነጽሩ፡ ድሕሪ’ቲ ዝቐነየ ሓሸውየ “<u>ሓርማዝ ንኸብዱ፡ ቃርማ ንኸብዱ ተታሓሒዞም ናብ ሩባ ይወርዱ</u>” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝዘርግሑዎ ጽሑፍ፡ ንካልእ ብምንቃፍ ነብሶም ክከላኸሉ ኣይምደኸሙን ነይሮም በሃልቲ ኢና። ሓይሊ ተቓውሞ ሃገርና ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዘራኽቡዎ ዕላማታት ተኣማሚኑን ተኸባቢሩን ከይቃለስ ዝገብሩዎ ካብ ዘለዉ ኣካያይዳታት ሓደ፡ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ተርእዮታት ምኻኖም ምግንዛብ ጠቓሚ እዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይኹን ደገፍቱ ዝኾና ሲቪክ ማሕበራት ኤርትራውያን፡ ዕላማን ናይ ተሳትፎ ረቛሒታቱን ዋዕላ ብራስለስ፡ ኣቐዲሙ ብብሩህ ተሓቢሩዎም እንተዝነብር፡ “<u>ኣብ ዘይ-ዳስና ዘይሳዕሳዕና</u>” ኢሎም ላዕልን ታሕትን ዝብሉሉ ምኽንያት ኣይምነበሮምን። ምኽንያቱ ንሰላማዊ ቃልስን ዓመጽን ኣዐርዩ ብሩህ ብዘይኮነ፡ “<u>ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ</u>”፡ ብዝብል ከም እምነት ዘቐመጠ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይኹን፡ ንኤዲኪ ዝድግፉ ሲቪክ ማሕበራትን ብቐጥታ ዝምልከቶ ዳሶም ኣይኮነን። ከምኡ’ውን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብዓመጻዊ ኣገባብ እዩ ክእለ ዘለዎ ዝብል ጽኑዕ እምነት ዘለዎም ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ’ውን፡ እዚ ብናይ ኣውሮጳ ሕብረት ኣማኻሪ ጉጅለን(EEPA) ብኤርትራዊ ጉጅለ ሓይሊ ዕማም(Task-force) ብቐንዱ ብኣባላት ስድሪ ዝተዳለወ ኮንፈረንስ ብራስለስ፡ ብቐጥታ ዝምልከቶም ዳስ ኣይኮነን። ምናልባት ተቐደምና ተበለጽና ካብ ዝብል ድሑር ናይ ውድድር መንፈስ ዝነቅል ወቐሳ እንተዘስንዘር’ውን ተቐባሊ ባይታ ኣይምረኸበን።

ብኸምዚ ዝበለ ግልጽነት ምኻድ እንተዝከኣል ነይሩ፡ ንፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ኤዲኪ፡ ኮንፈረንስ ብራስለስ ብቐጥታ ዝምልከቶ ዳስ(ዓውዲ መዋስኢ) እኳ እንተዘይኮነ፡ ነቶም ኣባላቱ ዝኾኑ ሰለስተ ውድባት ዝምልከቶም ዳሶም(ዓውዶም) ብምኻኑ፡ ምስኦም ተላዚቡ፡ ነቲ ዝረኽቡዎ ዕድል፡ ንመባእታዊ ሓባራዊ ረብሓታት ኤዲኪ ኣብ ምውዓል ክዋስኡ ምኽሪ ኣስኒቑ ምለኣኾም ነይሩ ይመስለና።

ኣብ መስርሕ ፖሎቲካዊ ተጋድሎና ከም ንዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ እምነታት ንምዕዋት ዝተዓጠቕና መጠን፡ ነናይ በይንና ዳስ ኣሎና። ዘራኽቡና ሓባራዊ ዕላማታት ስለዘለዉና ድማ። ናይ ሓባር ዳስ ከምዘሎና ተረዲእና፡ ተኸባቢርናን ተጸዋዊርናን፡ ኣብ ዘራኽቡና ሓባራዊ ዕላማታት ተኣማሚና ንምዕዋቶም ክንቃለስ፡ ኣብቶም ዝፈላልዩና ፖሎቲካዊ እምነታት ድማ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ጥዑይ ውድድር ኣብ ውሽጢ ህዝብታትና ይኹን ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ክነካይድ መሰል ከምዘለና ክንተኣማመን መብቃዓና። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ከም ዝሰፍሐ ጽላል ተቓውሞ መጠን፡ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ተቓውሞ ዘሎ ፍልልያት ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ መፍትሒ ዝናደየሉ፡ ንሓባራዊ እምነታትና ምዕዋት ድማ መንፈስ ምክብባርን ምጽውዋር ዝኹስኩስ ጽላል ክኸውን ምእንቲ፡ ንዘለዉዎ ሕጽረታት ብቕኑዕ ልቦና ከይተሓለልና ንምእራም ምጽዓር፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር ዝበለጸ ጥሙር መሳርሒ ክኸውን የብቕዖ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ካብ ናይ ብራስለስ ኮንፈረንስ፡ ክንዮ’ቲ ዝቐነየና መቐንዘዊ ኩነታት፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ እነካይዶ ቃልሲ፡ ዘራኽቡናን ዝፈላለዩናን መዳያት ደረቶም ፈሊና ተቐራሪብና ብዕቱብነት ክንቃለስ ከምዝግባእ ዓብይ ትምህርቲ ዝህበና እዩ’ሞ ብግቡእ ክንጥቀመሉ ይግባእ እናበልና መልእኽትና ነመሓላልፍ።

**ህልዊ መድረኽ**
**ንፖለቲካዊ ስብእናታቱን ክብርታቱን ዝጣበቕ’ምበር**
**ምጽወታ ኣይጸውርን’ዩ!!**

ህልው ኩነታት ኤርትራ ዝፈጠሮም በዳህቲ ግድላት ኣዝዮም ብዙሓትን ኩለ-መዳያውን'ዮም። እዞም ብመልክዕን ቅርጽን ዝፈላለዩ ዝመስሉ በዳህቲ ግድላት፡ ብትሕዝቶ ሓደ ኮይኖም በብደረጃታቶም ድማ ንህላወን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ምፍትታን ቀሊል ዘይበሃል ኣሉታዊ ተጽዕኖ ምዕራፎም ኣይተረፈን። ብክንድኡ ንመዓልታዊ ህይወት ህዝብታት ኤርትራ ብኣሉታ ብምጽላው ዝፈጥሩዎ ዘለዉ ከቢድ በሰላታት ካብ እዋን ናብ እዋን እናዓሞቐ ንመሪር ቃንዛታቶም ብምግዳድ፡ ህዝብታትና ንዝሓልፍዎ ዘለዉ ህይወት ኣመና ክዕርዕር ይገብሮ ምህላዉ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። ሓደ ካብ'ዞም ግድላት ብመልክዕ ስደት ዝግለጽ ስቓይ ህዝብታትና ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ዝስራዕ'ዩ። ስደት ኤርትራውያን ሎሚ ንኹሉ'ቲ ብሉጽ ሓርበኛዊ ታሪኽ ህዝብታትናን ክብርታቶምን ዓይኑ፡ ከም መለለዪ ኤርትራውያን፡ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ንምስልና ዝተከአ ጉዳይ ኮይኑ'ሎ። ምስ'ዚ ምስ ሓያል ማዕበል ዝዳረግ ፍኑው ናይ ኤርትራውያን ስደት ተተሓሒዙ፡ ኣብ ኩሎም መድረኻት ዝልዓል ሕቶ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን እናዓበየ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህቡብነት ዝረኸበ ኣጀንዳ ኮይኑ'ሎ።

መንቀሊታት ናይ'ዚ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ሰደተኛታት ዝልዓል ሕቶ፡ ንጠንቂ ስደት ኤርትራውያን ኣብ ምምዛን ዝምስረት ኮይኑ፡ ኣብ መደምደምታ ግን ሕድሕዶም ብዝጻረሩ ክልተ ርእይቶታት'ዩ ዝጠቓለል። እዚ ንገዛእ-ርእሱ ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሰደተኛታት ከኣ ብፍላይ፡ "ኣብ ልዕሊ ዘላታስ ተወሰኸታ" ከም ዝበሃል ተወሳኺ ዋጋ ክኸፍሉ ዝገብር ንምሒር ሻቕሎት ዘሳጥሖም ጉዳይ ኮይኑ'ሎ። ምስ'ዚ ጉዳይ ብምትሕሓዝ፡ ናይ'ዚ ተረኽቦ መንቀሊታት እንታይ'ዩ? ድሕሪ መጋረጃ ዘለዉ ተዋሳእቲኸ በዓል መን'ዮም? መፍትሒታቱኸ እንታይ'ዩ? ንዝብሉ እዋናዊ ጉዳያት ብምልዓል፡ ዝተወደነ መልእኽቲ ንምሕላፍ ዝመረጽናዮ ናይ ሎሚ መዛረቢ ዛዕባና'ዩ። ናብ'ቲ ሕመረት ጉዳይና ቅድሚ ምእታውና፡ ኤርትራውያን ካብ መረብ-ቤቶም ኣፈናቒሎ ንስደትን ሳዕቤናቱን ዘሳጥሖም ዘሎ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ዝብል ሕቶ ብምልዓል፡ ነዚ ኣብ ቅድሚ ኤርትራውያን ስደተኛታት በዳሂ ኮይኑ ዘሎ ግድልን ኣገጣጥምኡን ንምእማት ክሕግዘና'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዜጋታትና ቀንጢጡ፡ ህዝብታት ኤርትራ ብመሪር መስዋእትን ስንክልናን ዝተጎናጸፍዎ ሃገራዊ ነጻነቶምን ጸጋታት ዓወታቶምን ብምብርዓን፡ ጻማ-ቃልሶም ክስእኑ ካብ ዝገብር ናይ 18 ዓመታት ዕድመ ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ'ዚ ዝሓለፈ 18 ዓመታት፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ታሪኽ መዳርግቲ ዘይብሉ፡ እኳ ድኣስ ልዕል'ቶም ባዕዳውያን ገዛእቲ ሓይልታት ዝተኸልዎ ናይ ዓፈና ስርዓት ብምጥያሽ፡ ንትስፉው ህይወትን መጻኢ ዕድል ህዝብታትና ኣጸልሚትዎ'ዩ። ንደሞክራስያውን ኣሳታፊ ቅዋማዊ ስርዓት ብምሕሳም፡ ሃገር ከም ሕዛእቱ ብዊንትኡ ከማሓድር'ዩ መሪጹ። ህዝብታት ኤርትራ ከም ባህርያዊ ምንጪ ፖለቲካዊ ስልጣንን ዋንነትን ናይ ዝነበሮም ዘይድፈር መሰል ብምግሃስ፡ ብሓይልታት ስለያን ጸጥታን ኣቢሉ ራዕድን ሽበራን ብምንዛሕ፡ ዜጋታት ርእሶም ከድንኑ ይገብር ኣሎ። በዚ ኢ-ሰብኣዊ ተግባር'ዚ ከኣ ንምልእቲ ሃገር ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ብምቕያር ዜጋታት ኤርትራ ናይ ሕልናን ኣካልን ሕዩራት ጌርዎም'ዩ።

እዚ'ውን ከይኣክል፡ ዘዝባጽሑ መላምል መንእሰያት ብምስግዳድ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ-ምሕረቱ ብሽም ላዕለዎት ኣብያተ-ትምህርትን ወፍሪ ባርነት "ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ" ኣቢሉ፡ ብዘይ ወግዓዊ ኣገባብ ናይ ዕድመ-ይፍታሕ ፍርዲ በይኑ፡ ኣብ ማሕዩር ወተሃደራዊ ካምፖ ዘሪዑዎም ምህላው ናይ ኣደባባይ ሚስጢር'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ ወተሃደራዊ ካምፖ ዝተዘርዑ ዜጋታት፡ ይትረፍ ንመጻኢ፡ ብብሩህ ተስፉ ከቋምቱስ ብህይወት ናይ ምንባር ሰብኣዊ ሓርነቶም'ውን ከውሕሱ ኣይተዓደሉን። ከም ዘመነ-ጊላነት ጉልበቶም ብነጻ፡ ነቲ ስርዓት ክግብሩ ግዱዳት'ዮም። ባዕሉ'ቲ ስርዓት ኣብ ዝኣጎዶ ኲናት ከም በጊዕ እናተኾብኾቡ ንፋሽስታዊ ፖለቲካዊ ስልጣኑ መናውሕን ንውልቀ-ዝንኡ ሰባኤ ክኾኑ ወትሩ ዝሓጸዮም ግኡዛት ውልቀ-ጥሪቱ ጌሩ'ዩ ዝርእዮም። እዚ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ኤርትራ ዝበጽሕ ዘሎ ፋሽስታዊ ኣደራዕ፡ ሓደ መዳይ መግለጺ ናይ'ቲ ዝመረረ ወጽዓ ኤርትራዊ ክውንነት'ዩ።

እዚ ኣብነት'ዚ ከም ተርእዮ ሓደን ቅንጹልን መልክዕ ወጽዓ፡ ካብ'ቶም ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ስፍርን ቁጽርን ዘይብሎም ወጽዓታት'ዩ። እዚ ተርእዮ ብመልክዕ ሓደ'ኳ እንተኾነ ብደረጃ ትርጉሙ ክምዘን እንከሎ ግን ንኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ብኣሉታ ዝጸለወ፡ ንኹሉ ዓውድታት እታ ሃገር ዘልመሰ ምኽኑ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ጉዳይ'ዩ። ብሰሪ'ዚ ፋሽስታዊ ፖሊሲ'ዚ ኩሎም ፖለቲካዊ ማሕበረ-ቁጣባዊ ህይወት ህዝብታትና ተዘሪጎም'ዮም። ሃገር ብምልእታ ናብ ብቐሊሉ ክሓዊ ዘይክእል ዓሚቕን ኩለ-መዳያውን ቅልውላው ክትሸመም ጌሩዋ'ዩ። ስለዚ እምበኣር ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ'ዚ ፋሽስታዊ ስርዓት ዝሓልፉዎ ናይ ዘለዉ መሪር ህይወት ጥርዚ፡ ደረጅኡ ክሳብ ክንደይ ዓንዴል ምኳኑ ንምርኣይ እዚ ዝቐረበ እንኮ መረዳእታ እኹል ምስክር'ዩ።

ህይወት ኣብ ኤርትራ ገሃነብ-እሳት ዝኾነቶም ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ነዚ ክውንነት'ዚ ንምቕያር ኣንጻር መሰረታዊ ጸላኢኦም ዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ክቃለሱ ካብ ምኳን ወጻኢ ካልእ ምርጫ'ኳ እንተዘይብሎም፡ ብታሪኻዊ ኣጋጣሚ ናብ ቃልሲ ዝስሕብ ዓዳሚ ባይታ ኣይረኸቡን። ስለዚ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ምርጫ ንስደት ከም መሰጋገሪ መድረኽ ብምርኣይ ህይወቶም ከዕቑቡ ናይ ዘለዎም ዕድል ክጥቀሙ ግድን ኮይኑ'ሎ። ናይ ስደት ምርጫ ንኤርትራውያን ግን፡ ንኹሉ ሕሰማት ንምስጋር፡ ዋጋ ህይወት ብምርካስ'ዩ ዝጅመር። ስለዝኾነ ከኣ ህይወቱ ከዕቑብ ዝተበገሰ ኤርትራዊ ስደተኛ፡ ኣብ መስርሕ ብዘጋጥምዎ ግድላት ኣብ'ቲ ዝሓሰቦ ከይበጽሐ ተኾሊፉ ዝተርፍ ማእለያ የብሉን። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብዝሰርያም ሓይልታት ጸጥታን ሓለዋ-ዶብን፣ ኣብ ዶብ ዝዓረዱ ኣዛብእ ዓበይቲ ቃላያት፣ ብስሱዓት ደላሎ፣ ብናይ ሊብያ፣ ግብጽን እስራኤልን ወተሃደራት፣ ብዘይተጸበዮ ጥርዚያን መጭወይትን ብዓሳታት ባሕርን .....ኮታ ማእለያ ብዘይብሉ ምኽንያታት ጉዕዙኡ ተሰናኺሉ ንሓደጋ ዝሳጣሕ ኤርትራዊ ስደተኛ ልዕሊ'ቲ ኣብ ዝሓሰቦ ዝበጽሕ ብዕጽፊ ዝዓብይ'ዩ። ምስዞም ግድላት ስደት ገጢሙ፡ ዝተዓወተ ኤርትራዊ'ምበኣር'ዩ፡ ኣብ ካልእ መልክዕ ፈተና ዝኣቱ ዘሎ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዘጻወዶ መፈንጠርያ፡ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዕቑባ ንዝሓቱ ዘለዉ

ኤርትራውያን ስደተኛታት ብምድህላል፡ ካብ ዘጓንፎም ዘሎ ፈተና ሓደ'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ እዋን ናብ እዋን ኣንጻሩ ንዝለዓሉ ተቓውሞታት ንምምካን ዝጥቀመሎም ስልትታት ኣዝዮም ብዙሓት ምኻኖም ኣብ ተሞኩሮና እናተሸሸሑ ምምጽኦም ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ብሕሱም ምዝመዛን ግፍዕታትን ዓዶም ገዲፎም ሃጽ-ኢሎም ንዝተሰደዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣንጻሩ ዘካይድዎ ዘለዉ ሕኑን ተቓውሞ ንምብርዓን ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተዋህቦም ሚዛን ንምድዋኑ ዓሊሙ፡ ብዓይነት ሓድሽ ብትሕዝቶ ግን ዘበለየን ናይ ጥፍሽና መግለጺ ዝኾነንን ስልቲ ኣብ ምኽታል ይርከብ ኣሎ። እዚ ስርዓት'ዚ ብኣምሳሉ መልሚሉ ዘዋፈሮም ወዲኒታትን ሰለልትን ኣቢሉ፡ ሓደሽቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብምህዳን፡ ናይ ፖለቲካዊ ዕቑባ መሰሎም ብመንግስታት ምዕራባውያን ሃገራት ንክንጸግ ዘኽእሎ መደባት ብምስኣል ሰፊሕ ወፈራ ይገብር'ሎ።

ከም መረዳእታ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ'ዚ ወፍሪ'ዚ ካብ ዝጥቐመሎም ስልትታቱ ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ናይ ዕቑባ መሰል ክትረክብ እንተኾንካ፡ ንሕና ክንተሓጋገዘካ ንኽእል ኢና፤ ካባኻ ዝድለ ንሕና ዝበልናካ ክትገብር ጥራይ'ዩ፤ ጉዳይካ ንምርዳእ ናይ ትርጉም ጸገም እንተልዩካ ሽግርካ ከነረድኣልካ ንኽእል ኢና፤ ዝተሰደድካሉ ምኽንያት ምስ ሓተቱኻ ቁጠባዊ ሽግር'ምበር ፖለቲካዊ ሽግር የብለይን ኢልካ መልሰሎም፤ ኣንጻር መንግስትና ካብ ዝግበር ተቓውሞ ድማ ነብስኻ ኣግልል፤ ንኤርትራ ክትኣቱ፣ ስድራ ክትሕግዝ፣ ገዛ ክትሰርሕን ትካል ክትገብርን እንተደሊኻ መንግስቲ ምሕረት ክገብረልካ ድልው'ዩ፤ ንስኻ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ "ከዲዐ'የ" ጥራይ ኢልካ ፈርም፤ ንዝኸዳዕካዮ ህዝብን ሃገርን ንምኽሓስ፡ ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታት ተሳተፍ፤ ግብሪ-ክፈል፤ ወፈያታት ኣበርክት….ወዘተ ብምባል፡ ኤርትራዊ ስደተኛ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ተሰዲዱ ክዕቆበሉ ንዝኽእል ዕድላት ክሳብ'ታ ዝቐጠነት ገመድ ንምብታኽ ኩሉ ዝከኣሎም ዘበለ ናይ ምድንጋር ሜላ ንምክያድ ዓሊሞም ኣብ ጽዑቕ ወፍሪ ተጸሚዶም ኣለዉ። ነዚ ናይ ምትላል ሜላ ዘለለዩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብትብዓት ክብድህዎም እንተፈቲኖም ድማ፡ ከም ሓለይትን መቕርብን መሲሎም፡ እንታይ ገዲሽካ ኣንጻር መንግስቲ ትኸውን፤ ስቕ-ኢልካ ናብራኻ ዘይትገብር፤ ንመንግስቲ ምቅዋም እንተጀሚርካ "ወያነ'ዩ" ክብሉኻዮም፣ ካብ ህዝቢ ክንጹሉኻ'ዮም፤ ካብ'ዚ ኩሉ ክብርኻ ሓሊኻ ትም ዘይትብል፡…ወዘተ ዝብል ብምዕዶ መልክዕ ዝስንደዉ መልመስቲ ፈተነታት ይካየዱ'ዮም። እዚ'ውን እንተፈሺሉዎም፡ ካብ ሰብ ንምንጻልካ ዝተፈላለየ ናይ ጸለመ-ዘመተታት ካብ ምክያድ ጀሚሩ፡ ብሓይሊ ንምብርካኽ ዝግበር ናይ ራዕድን ሽበራን ተግባራት'ውን ኣካል'ቲ ህግደፋውያን ዝተጸመድሉ ወፍሪ ኮይኑ'ሎ።

ከም ሳዕቤኑ፡ እቶም ካብ ምሒር ጽልኣት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ተበጊሶም፡ ብዋጋ ህይወት ንዝገጥሞም ሓደጋ ሰጊሮም ኣብ ዝዕቆቡለን ሃገራት ንምብጻሕ ዝተዓደሉ ኤርትራውያን፡ ንውዲታት ናይ'ዚ ስርዓት ምምካን ሲኢኖም፡ ኢዶም ዝሃቡ፡ ዕጥቆም ዝፈትሑ፡ ንነብሶም ከም ህዝብን ሃገርን "ዝኸድዑ" ጌሩ ኣብ ዝተዋደደሎም ሰነድ ዝፍርሙ የዋሃት ብዙሓት'ዮም። እዚ ተግባር'ዚ "ካብ ተመን ናይ ርግቢት እንቋቑሖ ምጽባይ" ዝዓይነቱ'ዩ። ብርግጽ ከኣ ብመብጽዓታት ፋሽስታውያን ተኃማጅዮም ፖለቲካዊ ስብእንኦምን ክብርታቶምን ዝሓሸሹ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ "ዝኸሰቡዎ" ነገር እንተሉ'ዩ ብሕሱም ጣዕሳ ማዓንጥኦም እናሓረረ ክሳዶም ኣድኒኖም ኣብ ትሕቲ'ቲ ብኣካል ራሕሪሖሞ ዝተሰደዱ ጨካን መሓውር እቲ ስርዓት፡ ብገዛእ ፍቓዶም ዳግማይ ናይ ሕልና እሱራት ንምኻን ኣብ ማሕቡሱ ብምእታው፡ መመላኸዒ ዳሳቱን ጓይልኡን ኮይኖም ዘርሞ-ዘርሞ ምትራፎምን'ዩ። እንተ'ቲ ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ዝጠለብዎ ናይ ዕቑባ መሰል ብውዲት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝተጻወደ መፈንጠርያ ካብ ዝኣተዉላ ማዓልቲ ኣትሒዞም ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ምኻኑ ዘየጠራጥር እዩ።

እዚ ማለት ግን ናይ'ዞም መጻኢ ዕድሎምን ተስፍኦምን ብፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ቁማር ተበሊዑ፡ ዕጭኦም መሪር ሓዘን ዝኾነ ዜጋታት ምስ ለከመ፡ ቡኡ ዝዓግብ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ ካልኦት ኤርትራውያን ስደተኛታት'ውን ተመሳሳሊ ሓደጋ የንጸላሉ ምህላዉ ንምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። እዚ'ዩ ድማ ናይ ኩሉ ደላይ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ብሓፈሻ፡ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከኣ ብፍላይ፡ ዝተዋደደን ሓያል መኸተ ዝጠልበሉ ዘሎ ምኽንያት። ድሮ'ኳ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሒዞሞ ዝጸንሑ ፖሊሲ ዳግማይ ንክፍትሹ ዝድርኽ፡ "….ኤርትራዊ ስደተኛ ናይ ቁጠባ ጸገም'ዩ እምበር ፖለቲካዊ ጸገም የብሉን…" ዝብል መልእኽትታት ይናፈስ ምህላዉ ናይ'ዚ ሓቂ'ዚ ህያው ምልክታት'ዩ። እዚ ማለት ብቑጠባዊ ጸገም ንዝስደድ ኤርትራዊ፡ ናብ ዓዱ ካብ ምጥራዝ ወጻኢ ማዕጸኣ እተርሕወሉ ሃገር የላን ማለት እዩ። እዚ ከኣ ንህግደፋውያን መፍቶቶም ኣብ ልዕሊ ምኻኑ፡ ዓብይ ናይ ገንሸል ገጸ-በረኸት'ዩ። ስለዚ'ምበኣር፡ ኣብ ቅድሜ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብፍላይ፡ ኣብ ቅድሚ ደለይቲ ጽቡቕን ለውጥን ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራ ከኣ ብሓፈሻ፡ ዘሎ ዓብይ ብድሆ፡ ካብ'ዚ መጻወድያ'ዚ ንምውጻእ እንታይ ይገበር? ዝብል'ዩ።

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) እቲ ፍታሕ እንኮ'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ። ነታ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝንየተላ "ደርሆስ መእሰሪኣ እንተንዋሕካላ ዝፈታሕካያ ይመስላ" ክብል ብተደጋጋሚ ዝዋጥየላ ምስላ ብጽንዓት ተቓሊስካ ምስጋራ'ዩ። ናይ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ብፍላይ፡ ህልዊ ተባራዒ ሽግራቶም ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝወለዶን ባዕሉ ዝሕተተሉን ፖለቲካዊ ሽግር እዩ። ነዚ ፖለቲካዊ ሽግር'ዚ ድማ ፖለቲካዊ ፍታሕ'ዩ ዝፍውሶ። ነዚ ፈውሲ'ዚ ንምርካብ፡ ብንቕሓት ምግጣምን ተቓሊስካ ካብ ምዕዋት ወጻኢ ካልእ ዝኾነ ይኹን መማረጺ የልቦን። ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ፖለቲካዊ ዕቑባ ናይ ምርካብ መሰሎም ዳግም ምሕዳስ ዝከኣል ድማ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ሕኑን ቃልሲ ግቡእ ታሪኻዊ ኣበርክቶ ብምፍጻም ኣቢልካ ጥራሕ እዩ። ሕኑን ተቓዋማይ ምኻን፡ ብሓደ ሸነኽ ዕምሪ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብምሕጻር ከም ህዝብን ሃገርን ናይ ኤርትራውያን እንብሎ፡ ካብ ካልእ ዘይምጽወተልና ዘይገሃስ መሰልን ዘላቒ ረብሓን ከነውሕስ ዝገብር'ዩ። ብካልእ ሸነኹ ድማ፡ ከም'ቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልስና ብዘርኣናዮ ጽንዓትን መኸተን ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ኣወንታዊ ምላሽ ዝረኸብና፡ ሎሚ'ውን ነቲ ታሪኽ'ቲ ብምድጋም ክብርታትና ክንዕቅቦ የኽእለና'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ህልዊ መድረኽ ንፖለቲካዊ ስብእናታትናን ክብርታትናን ባዕላትና እንጣበቕ'ምበር፡

ብካልኦት ክምጽወተልና ምጽባይ መሰረታዊ ሽግራትና ዘላቒ መፍትሒ ክንረኽበሎም ከምዘይክእል ምግንዛብ የድልየና።

# ዓምዲ ደብዳቤታት

**<u>መተሓሳሰቢ ንመንበብቲ ጋዜጣ መርሆ፡-</u>**

**እዚ ዓምዲ'ዚ ንፈለማ እዋን ዝጅምር ዘሎ ኮይኑ፡ ተኸታተልቲ ጋዜጣና፡ ኣብ ኩነታት ሃገርናን ህዝባታትናን ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ኤርትራውያን ድማ ብፍላ ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን መፍትሒኡን ብዝምልከት ሓሳባትና እነካፍለሉ ዓምዲ ክኸውን እዩ። ኣዳለውቲ ጋዜጣ መርሆ፡ ተሳትፎኹም ብኽብሪ ንዕድም።**

## ካባይ ተማሃሩ፡

ሓቀኛ ስመይ ንግዝይኡ ምስ ኣዳለውቲ ጋዜጣ መርሆ ክዕቀበለይ ይምሕጸን። ብዕድመ መንእሰይ እየ በሃሊ እየ። 37 ዓመት። ቅድሚ ጎንጺ ዶብ ኤርትራን ኢዮጵያን ኣብ ክልል ኣምሓራ ዞባ ሰሜን ጎንደር ብሞያይ ከም ሒሳብ ሹም ኮይነ ንሓሙሽተ ዓመታት ኣገልጊለ። ግን ድማ ኩላትና ዘይሓሰብናዮ ወደቓ ብግንቦት 1998 ኣጋጠመ። ኾናት ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተወልዐ። ኣነ ካብ ወጋሕትኡ ብሞያይ ኣብ ኢትዮጵያ ሰሪሐ ክነብር ዘገደደኒ ምኽንያት ድሕሪ ነጻነት ሃገርና ናብ ኣስመራ ከይደ ዝረኸብኩዎ ኣቀባብላ ሰበ-ስልጣን ህ.ግንባር ስለዘሰከፈኒ እዩ። ብዘይምግናን፡ ነቶም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዘይተሳተፍና መንእሰያት፡ ኣበይ ዝነበሩ እዮም ዝብል ሕማቕ ኣጠማምታ ከቕስነኒ ኣይከኣለን። በዚ ተሰናቢደ ድማ ቀልጢፈ ናብ ቦታይ ተመሊሰ ኣብ ስርሐይ ጠቢቐ ምቕጻል ዝመረጽኩ።

ግንቦት 1998 ግን ጽቡቕ ዜና ሒዛ ኣይመጸትን። ናይ ዶብ ኹናት እናበርትዐ፡ መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ኣብ መርገጹ ስለዝደረቐን ኹናት ምቕጻል ምርጭኡ ስለዝነበረን፡ ንሕጋውን ሰላማውን መፍትሒ ዝቃወም መንግስቲ ጥዑይ ኣይኮነን በልኩ። ብምኽንያት ደሴታት ሓኒሽ ዝተወልዐ ውግእ፡ ሂወት መንእሰያት ኣሕዋትና ምስ በልዐ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ሄግ ከይዱ ብይን ከምዝረኸበን እፈልጥ'የ። በዚ ምኽንያት እታ ዝነኣሰት ድምጺ ተቓውሞይ ከስምዕ ምስቶም ኣብ ኢትዮጵያ ምንቅስቓስ ዝጀመሩ ውድባት ኤርትራ ክላለ ጀመርኩ። ብኣባልነት'ውን ተሰራዕኩ።። እዚ ግን ካብ'ቶም መሳርሒ መንግስቲ ሻዕብያ ከይኮኑ ተጠርጢሮም በብእዋኑ ናብ ሃገሮም ዝተሶጉጉ ኤርትራውያን ወገናተይ ደኣ ኣድሒኑኒ'ምበር፡ ኣብ መንግስታዊ ስራሕ ክቕጽል ግን ዕድል ኣይረኸብኩን። ከም ኩሎም ኤርትራውያን ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ዝነበሩ፡ ብቓል ካብ ስርሐይ ደው ክብል ተኣዘዝኩ። ናይ ንእስነት ዕድመይ ዝሃበኒ፡ ብመሰረቱ'ውን ናይ ስራሕ ዕድመይ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ስለዘይሓልፍ ዘዋህለልኩዎ ገንዘብ ኣይነበረንን። ዳርጋ ንቕድመይ እየ ነይረ እንተበልኩ ኣየጋንንኩን። ኣብ ርእሲኡ ናይ ሽጋራ ወልፊ ነይሩኒ። ብሃንደበት ካብ ስራሕ ድው ክብል ምስ ተኣዘዝኩ፡ ካብ ወርሒ ንደሓር መኽፈሊ ገዛ ኪራይ የብለይ ዝበልያ የብለይን ኣብ ሰጣሕ ጎልጎል ደው በልኩ። ምስ ፈተውተይን ኣዕሩኽተይን ኢትዮጵያውያን ንዝተወሰነ እዋን ተጻጊዐ ነታ ዝበልዓ ክሕግዙኒ ጀመሩ። ኣብ ስራሕ ሒሳባት ብዘሎኒ ሞያ ንዝተወሰኑ ኣዋርሕ ብመልክዕ ኮንትራት'ውን ሰሪሐ እየ። ግን ድማ ብቐዋምነት ዝቕጽል ኣይነበረን።

ህይወተይ በዚ መንገዲ'ዚ ክዘልቆ ከምዘይክእል ስለዝፈለጥኩ፡ ስራሕ እናሃለወኒ ደሃያ ገይረላ ዘይፈልጥ ኣብ ኣሜሪካ ትነብር ሓፍተይ፡ ስልካ ሃሰስ ኢለ እናደወልኩ መከራ ከብልዓ ጀመርኩ። ንሳ ኣብ ኣሜሪካ ከዲማ ትበልዕ'ምበር ዝረብሕ ስራሕ ኣይነበራን። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ ካብኣ ዝጸበዩ ሽማግለታት ወለዲ ኣብ ኣስመራ ተወሳኺ ጾር ኣሎዉዋ። ግን ድማ ኣብ ስደት ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ተደርብየ ኢለ ስለዝእወኹላ፡ ኣይጨከነትለይን። ዝተወሰና ገንዘብ ክትልእከለይ ጀመረት።

ኣቓዲመ ከምዝሓበርኩኹም መንእሰይ እየ። ሽጋራን መስተን መሓዙተይ እየን ጸኒሐን። ካብ ስራሕ ደው ምስ በልኩ ድማ፡ ንሰን እየን መዋዕልተይ። ካብ ጭንቀተይ ዝሕበኣለን ጽኑዓት ዕርድታት። ብምኽኑ'ውን ሓፍተይ ትልእከለይ ገንዘብ ኣብ ምንታየይ ክበጽሓ። መላሊሰ እናደወልኩ "ሞትኩ ተሓነቕኩ" እናበልኩ ዓቕላ ከጽብበላ ጀመርኩ። ብዛዕባ'ቶም ኣብ ኣስመራ ዘለዉ ጠዋሪ ዝጽበዩ ወለደይ እዝኒ የብለይን። ንባዕለይ ኣብ ዓሚቕ ማሕበራዊ ቅልውላው ተዘፊቐ፡ ንዕኦም ዝዝክር እዝኒ'ውን ኣይነበረንን። ሓፍተይ ብክልቲኡ ሸነኽ ተወጠረት። ኣውያተይ ዕሽሽ ኢላ ነቲ በብወርሑ ትልእከለይ ዝነበረት ገንዘብ'ውን ክተቛርጾ ጀመረት። ዓቕለይ ጸበበኒ። ተስፋ ምቑራጽ ንሕልናይ ክፈታተኖ ጀመረ። ኣብ ማርሻ-ፐዲ ጎንደር ምውዓልን ንዝፈልጦም ሰባት ኢደይ ዊጥ ኣቢለ "በጃኻ ንቑርሲ" ኢለ ክልምን ጀመርኩ። ግን ድማ በዚ መንገዲ'ዚ ክሓልፍ ከምዘይክእል ስለዝኣመንኩ ኢደይ ከይህብ ምስ ሕልናይ ቅልስ ጀመርኩ። ዘሎኒ ኣማራጺ ንሓፍተይ ዝገበርኩ ገይረ ኣእሚነ፡ ዝተወሰነ ደገፍ እንተልኢኻትለይ ንሱዳን ገጸይ ኣርሒቐ ክስደድ ከምዘሎኒ ንነብሰይ ኣዕገብኩ። እዋኑ መወዳእታ 2003 ኣቢሉ እዩ ነይሩ። ንሓፍተይ ሚስ-ኮል እናገበርኩ ተኸኽ ኣበልኩዋ። ንሳ'ውን ብለኣኽለይ ሰኪሓ ቁርጸይ ክትፈልጥ ስለዝደለየት ደወለትለይ። ዘሎኒ ቁርጽ ዝበለ መደብ ኣካፈልኩዋ። ንሓሳባተይ ምትሕብባር ክትልግሰለይ ተማሕጸንኩዋ። ኣብዚኣ በጺሓ ሓፍተይ ክትጭክነለይ ኣይከኣለትን። እሞ ሓሲብ ክድውለልካ እየ በለትኒ።

ብምድዋል ድቃስ ዝኸላእኩዋ ሓፍተይ ብዓቕማ ምትሕብባር ክትገብረለይ ከምዝወሰነት ሓበረትኒ። ከምቲ ኩሉ መንእሰይ ኤርትራዊ ዝገብሮ ዘሎ ድማ፡ ብናታ ደገፍ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዓመት 2003 ብሱዳን ኣቢለ ባሕሪ መዲተራን ቆሪጸ ናብ ዓዲጣልያን ሮማ ኣተኹ። ዕላማይ ብስዊዘርላንድ ኣቢለ ናብ ፈረንሳይ ካብኡ ናይ መወዳእታ መዕረፊየይ ሎንዶን ክኸውን እየ ጸሎት ገይረ ተበጊሰ።

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን፡ እምበኣር ክሳብ ሕጂ ሓጺር መላለዪ እንተኾነኒ ኢለ እየ ክህውትት ጸኒሐ። እቲ ቀንዲ ካባይ ክትመሃሩሉ ኢለ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ካብ ሕጂ እዩ ዝጅምር። ተኸታተሉኒ።

ኣቓዲመ ብንጹር ክሕብረኩም ከምዝፈተንኩ፡ ኣብ ኢትዮጵያ እናሃለኹ፡ ተቓዋሚ መርገጺ ብምሓዘይ፡ ኣባል ሓደ ካብ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኮይነ ተሰሪዐ እየ። ፖሎቲካዊ እምነት ናይ'ቲ ዝተሰራዕኩሉ ውድብ ይፈልጦን ይኣምነሉ'ውን። ወረ ኣብ'ቲ ብ2002 ዘካየዶ ጉባኤ'ውን ተሳታፊ ምንባረይ ኣይሓብኣልኩምን። ስለዚ ድማ ኣብ ሮማ ብፖሊስ ምስ ተታሓዝኩ ብፖሊስ ተሓቲተ ዝህቦ መልሲ፡ ኣብ ዓዲ ጣልያን

ብሰላም ከንብረኒ ዘኽእል ፖሎቲካዊ ዑቕባ ንምርካብ ዘጸግመኒ ኣይነበረን። ኣብ ሓንጎለይ ኮይኑ ዘናውጸኒ ዘሎ፡ መደበይ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዑቕባ ምሕታት ብዘይምኻኑ፡ ሕልመይ ተኸለፈ ብዝብል ውሽጣዊ ምርግጋእ ኣይነበረንን። ብፖሊስ ዝቐርቡለይ ሕቶታት ድማ ብቛንቋ ጣልያን ብምኻኑ ክሰምየ ኣይክእልን፡ ኣነ ዝዛረቦ'ውን ኣይሰምዑንን። ስለዚ ኣብ'ቲ ዝካየደለይ ምርመራ ቶርጓሚ ሰብ ምርካብ ግድን እዩ።

ምስቶም መርመርቲ ናይ ቀረባ ዝምድና ዘለዋን ኣብ ከተማ ሮማ ነዊሕ እዋን ዝተቐመጠት ሓፍቲ ትመጸኒ። ንሳ ኤርትራዊት ምኻናን ክትተሓባበረኒ'ውን ከምዝመጸት ትገልጸለይ። እዛ ሓፍቲ ናባይ ቀረባ፡ ኩነታት ኣመጻጽኣይ ሓተተትኒ። ኣነ'ውን ኣመጻጽኣይ ብዘይ ሕብእብእ ዘርዘርኩላ። ኣባል ሓደ ካብ ተቓዋሚ ውድባት ኤርትራ ምኻነይ'ውን ኣብራህኩላ። ንሳ ድማ ስማዕ ትብለኒ። ኣብ'ዚ ዓዲ ኣብ ፖሎቲካ ትዋሳእ ከምዝነበርካን፡ ኣባል ተቓወምቲ ውድባት ምኻንካ ምሕባር ኣይጠቕመካን እዩ። መምጽኢ'ኻ ቁጠባዊ ጸገም ምኻኑ ጥራሕ ኢ'ኻ ክትሕብር ዘሎካ። ንሕና ድማ ኣብ'ዚ ዓዲ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ረኺብካ እናሰራሕካ ክትነብር ምትሕግጋዝ ክንገብረልካ ኢና በለትኒ። ኣነ'ውን ኣብ ኢድ ፖሊስ ምእታወይ ካብ ዘይተረፈኒ፡ ኣብ ዓዲ ጥልያን ፖሎቲካዊ ዑቕባ ዝረኽበሉ ዕድላት ካብ ምፍጣር ወጻኢ ካልእ መንገዲ ከምዘይብለይ ተረዲአ እየ። ብዝሃበትኒ ሓሳብ ድማ ተሰማማዕኩ።

ግናይ ፖሎቲካዊ ስርዓተ ምሕደራ ህግደፍ፡ ናብ ዓደይ ከይኣቱ ኣሰኪፉኒ ኣብ ኢትዮጵያ ተሪፈ። ስርዓት ህግደፍ ብዶብ ምኽንያት ብዝወልዖ ኲናት፡ ካብ ስርሐይ ተፈናቒለ ኣብ ጸገም ወዲቐ እዚ ኩሉ ምድረ-በዳታትን ባሕሪ መዲተራንያንን ቆሪጸ ዝመጻኹ፡ ኣሕሊፉ ንዝብኢ ኣይትህበንን ብዝበልኩዋ ሰብ ተታሊለ፡ ንፖሊስ ጣልያን በቲ ዝበለትኒ መሰረት፡ ንሳ እናተርጎመት ቃለይ ሃብኩ። ካብኡ'ሞ ውሳኔኻ ክሕበረካ እዩ ተባሂለ ወዳእና። ንሳ ድማ ዝተበገሰትሉ ዕላማ ፈጺማ፡ ንዓይ ኣብ ቤት ማሕቡስ ገዲፋትኒ ተዓዘረት።

ብተርጓሚተይ ዝሃብኩዎ ቃል መሰረት፡ ፖሊስ ውሳነይ ክሕብረኒ ድሕሪ ክልተ ሰሙን መጸኒ። ናብ ቤት ጽሕፈቱ ተጸዋዕኩ። ዝትርጉም ካልእ ሰብ እዩ። እታ ሓፍቲ ግን ኣይመጸትን። እንታይ ክትገብር ከ ክትመጽእ። ኣነስ ያኢ. **"ፖሎቲካዊ ውቕባ ተዋሂቡካ ኣብ ዓድና ክትነብር ተፈቒዱካ ኣሎ"** ዝብል መልሲ ክወሃበኒ እናተጸበኹ፡ መጻኢ ዕድለይ ዘጸልምት ዘይሓሰብኩዎ መልሲ ተዋሃበኒ። ንስኻ ናብ'ዚ ዓዲ መምጽኢ'ኻ ቁጠባዊ ጸገም ምኻኑ ስለዝሓበርካ፡ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ኣይወሃበካን እዩ ጉዳይካ እንታይ ከምዝኸውን ክረአ እዩ ተባሂልኩ። እዚ ኹሉ ዶላራት ኣውጺአ ንሓፍተይ ከብርያ፡ ወለደይ ብዓቕመይ ክሕግዝ ዝነበረኒ ተስፋ ጸልሚቱ፡ ስርዓት ኢሳይያስ ደድሕረይ ሰዒቡ ሂወተይ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ከምዝወፈረ ኮለል ኢሉ በርሃለይ።

ከም ሕሱም ዝጸልኦን: ብዓቕመይ ደኣ ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፈ ክጋደል ኣይቆረጽኩን እምበር፡ መውደቒየይ ምስ ፈለጥኩስ፡ ዕድሚኡ ኣብ ምሕጻር ዓቕመይ ዝከኣለኒ ከበርክት ምስ ዘፋነዉኒ ብጾተይ ተረዳዲአ ዝመጻኹ ክነሰይ፡ ሕጂ ሕልናይ ኣዕሪበ ኢደይ ክህብ ከም ዘይብለይ ንውሽጠይ ኣእመንኩዋ። ቅድመይ ዝመጹ ኣሕዋትን ኣሓትን ረኺበ ዘጋጠመኒ ጸገም ኣማኸርኩዎም። ንሶም ድማ፡ "ዝተወሃበኒ ውሳኔ ቅኑዕ ኣይኮነን ኢልካ ይግባይ በል። እታ ዝተርጎመትለይ ሰብ ዘይበልኩዋ እያ ሓቢራ። ኣነ እዚ ኹሉ መሬት ቆሪጸ ዝመጻኹ ምስ'ቲ ስርዓት ካብ ዘለኒ ፍልልይ ዝነቕለ እዩ። ኣባል ናይ ሓደ ተቓዋሚ ውድብ ኤርትራ እየ። መረጋገጺ'ውን ኣሎኒ" ኢልካ ጥርዓን ኣቕርብ ኢሎም መኺሩኒ። ጸገመይ ዝተረድኡ ኣሕዋት፡ ምኽሮም እታ ብሕታዊት መዋጽኦ ምኻና ስለዝዓገብኩ፡ ብሓደ ወገን ናይ ይግባይ ጥርዓነይ ብጽሑፍ ንምድላው ቶርጎምቲ ሃሰስ ናብ ምባል ተዋፈርኩ። በቲ ካልእ ድማ፡ ነቶም ዘፋነዉኒ መራሕቲ ውድበይ፡ ዘጋጠመኒ ጸገም ብኢ-መይል ብምሕባር ኣባል ውድብ ምኻነይን፡ ኣብ 2002 ዝተኻየደ ውድባዊ ጉባኤ ኣብ ከይዲ ጉባኤ እናሃለና ዝተሳኣልኩዎ መረዳእታ ክኾነኒ ብቕልጡፍ ብኢ-መይል ለኣኹለይ ክብል ምስ ናይ ኩሉ ኣኽብሮተይ ኣተሓሳሰብኩዎም። ዘጋጠመኒ ጸገምን፡ ዝተዳለወለይ መጻወድያን ዝተገንዘቡ መራሕቲ ውድበይ፡ ጊዜ ከይወሰዱ ኣባል ውድብ ምኻነይ ዘረጋግጽ፡ ማህተም ውድብ ዝዓረፎ ደብዳቤን፡ ካብ ፋይላት ጉባኤ ብምውጻእ ድማ ኣብ ጉባኤ እንከሎና ምስ ካልኦት ጉባኤኛታት ዝተላዓልኩዎ ፎቶን ኣተሓሒዞም፡ ስካን ገይሮም ብኢ-መይል ለኣኹለይ። ናይ ውድበይ ደብዳቤ፡ ኣነ ካብ ዓዲ ጣልያን ተጠሪዘ ናብ ኤርትራ እንተተባሪረ ዝጽበየኒ ፍርዲ ሞት ምኻኑ ብምምልካት፡ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ክወሃበኒ ብጥብቂ ዘማሕጽን እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ነዘን ሰነዳት እዚአን ናብ ቤት-ፍርዲ ኣቕሪበ ብጠበቓ እናተሟገትኩ ፖሎቲካዊ ዑቕባ ክወሃበኒ ጻዕሪ ኣብ ምግባር ይርከብ፡። ክሳብ ሎሚ ደኣ ኣይሰለጠንን እምበር ካብ ቤት-ማእሰርቲ ወጺአ፡ በቲይ በቲይን ኢለ እናሸቀልኩ ዝወሃበኒ መልሲ እጽበ ኣሎኹ።

**ክቡራት ኣሕዋተይን ኣሓተይን፡-** እቲ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዝገርመኒ፡ ሎሚ ከም'ዚ ናተይ ብዝመሳሰል ክፉእ ስልቲ፡ እቲ ኹሉ ስቓይ ሓሊፎም ዝኣተዉ ኣሕዋትን ኣሓትን ተደናጊሮም ይሳቐዩ ምህላዎም'ዩ። እቲ ካብ'ዚ ዝኸፍአ ዘሕዝነኒ ግን ካልእ እዩ። ካብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ዕድል ረኺቦም ናብ ኣሜሪካ፡ ካናዳ፡ ኣውሮጳ ዝኣተዉ ኣሕዋትን ኣሓትን መንእንሰያት ኤርትራውያን፡ ኣብተን ሃገራት ፖሎቲካዊ ዑቕባ ምስ ረኸቡ ተመሊሶም ኣብ ኤምባሲታት ስርዓት ህግደፍ ትሙስሙስ ክብሉን፡ "ተጋጊና ኢና ይቕሬታ ይገብረልና" ዝብል ክታሞም ኣንቢሮም ይነብሩ ምህላዎም እዩ። እዚ ዕርቂ'ዚ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ንየኦም ምጉድኡ ዘይተርፎ እኳ እንተኾነ፡ ነቶም እዚ ዕድል'ዚ ዘይረኸቡ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ኣብ ምጽባይ ዝርከቡ ኣሕዋትን ኣሓትን ዕድሎም ምስባር ከይኸውን ኣዝዩ የስጋኣኒ እዩ። ምኽንያቱ እቶም ካብ መደበር ስደተኛታት፡ ናብ ሃገሮም ዝወስዱ መንግስታት፡ ንፖሎቲካዊ ዑቕባ ዝኸውን ጭቡጥ ምኽንያት ኣሎዎም ብዝብል እምበር፡ ውዒሎም ሓዲሮም ምስ ስርዓት ኢሳይያስ ዝዕረቑ እንተኾይኖም፡ ጽባሕ'ውን ኣብ ዓዶም ሓደጋ ከይኾኑዎም ስግኣት ምሕዳሮም ስለዘይተርፍ ደው ከብሉዎ ከምዝኽእሉ፡ ዝናፈሱ ወረታት ስለዘለዉ እዮም። ስለዚ ናይ መወዳእታ ምኽረይ፡ ንኣሕዋተይን ኣሓተይን፡ ናብ ሳልሳይ ሃገር ክትሰግሩ እትጽበዩን ናይ ምስጋር ዕድል ዝረኸብኩምን ዝስዕብ እዩ። ስርዓት ኢሳይያስ፡ ነቶም እናራሕራሕኩሞ ናብ ስደት ተምርሑ ዘለኹም ወገናት፡ ከማኹም ስዱዳት መሰልቲ ደድሕሬኹም እናስዓበ፡ ተቓውሞኹም ከይተስምዑ ብምድንጋር ይኹን ብምፍርራሕ፡ ጉዳይኩም ፖሎቲካዊ ትሕዝቶ ከይህሉዎ ክዕንቅፉኹም፡ ናብ ሳልሳይ ሃገር ምስ ሰገርኩም ድማ፡ **"ደጊም ጸገም የብልኩምን፡ ምስ መንግስትኹም ተዓሪቕኩም ስድራኹም ክትርእዩን ኣብ ዓዲ፡ ትካላት ክትተኽሉ ምትሕብባር ክግበረልኩም'ዩ። ይቕሬታ ጥራሕ ሕተቱ።"** እናበሉ ዘደናግሩ ልኡኻት ኢሳይያስ ብሰፌሑ ወፊሮም ስለዘለዉ፡ ካብ ከምዚኦም ዝመሰሉ መሳርሒ ስርዓት ኢሳይያስ ዝኾኑ ሓልዮት ህዝቢ ዘይብሎም ቃርማታት ክትጥንቀቑ ሓደራ እብል።

ተስልደት ሃይለ (ብርዒ ስም)
ሮማ-ኢጣልያ

# ቅኑዕ መስመርና ሐቁኛ ሒዝና ክንዕወት ኢና!!